# ኣብ ከተማ ከለን ህዝባዊ መኸተ
# ኣንጻር ዘይፍትሓዊ እገዳ ይቕጽል ኣሎ።

*ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 26/06/10 መንእሰያት ከለን ድማ ብ27.06.10 ተኣኪቦም ንዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ኣመሪካን ባይቶ ጸጥታን ንምቅዋም፡ ነቲ „2010 ዓመት መኸተን ምድንፋዕ ሃገራዊ ሓይልን“ ክንገብራ ኢና ብዝብል ኣርእስቲ ዝጀመረ ሰሚናራት፡ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ብምቕጻል መንእሰያትን ዓበይትን ትምህርቶምን ስርሖምን ገዲፎም ኣብቲ መዘና ዘይርከቦ ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ጀንብ ተኻፊሎም፡ ብድሕሪኡ ድማ ደብዳቤታት ንፕረሲደንት ባራክ ኦባማ ናይ ምልኣኽ ዘመተ ብምክያድ መኸትኦም ድሕሪ ምቕጻል ሕጂኸ መኸተና ብኸመይ ፈታውን ጸላእን ክርስዖ ዘይክእል መልክዕ ነትሕዞ ኣብ ዝብል ትሕዝቶ ኣትዮም ድሕሪ ምዝታይ ውሳኔታቶም ኣሕሊፎም።*

*ህዝባዊ መኸተ ኣንጻር ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ፡ ዘርእስቱ ጽሟቕ ናይቲ ኣብ ትሕቲ „እምቢ ንእገዳ“ ዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ መኸተ መግለጺ ብሸማግለ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ድሕሪ ምቕራቡ፡ ተሰተፍቲ ኣኼባ ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ዘቶኮረ ሰፊሕ ዘተ ኣካየዱ። ካብቲ ዝተኻየድ ዘተ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ እገዳዚ ከምዝሰግሮ ርግጸኛታት ኢና፡ ይኹን እምበር ነቶም ኣብዚ ዘሕፍር እገዳ መሪሕ ተራ ሒዞም ኣብ ልዕሊኡ ጉድኣት ክፍጽሙ ዝፈተኑ ኣይክርስዖምን እዩ፡ ተራ ናይቶም ተሓጋግዝትን መሳወርትን ፡ ጎይተቶም ንምሕጓስ ብምጉያይ ንህዝብን መንግስትን ንምድቛስ ዝፈተኑውን ሸለል ኢሉ ኣይክሓልፎምን እዩ ፡ ሕጂ’ውን እቲ ዘይፍትሓዊ እግዳ ከይተሳሕበን ከይተሰረዘን መኸተና ክምህ ክብል የብሉን ፡ ኩሉ ሃገራዊ ብዓላትናን ፈስቲቫላትናን ክብ ዝበለ ድምቀት ብምሃብ ናብ ጸላእትና ንጹር ናይ መኸተ መልእኽትና ከነመሓላልፍ ኣሎና ፡ ኣብ ሃገርና ዝትግበር ዘሎ መደባት ልምዓት ቀንዲ መግለጺ መኸተን ዋሕስ ሃገራዊ ድሕነትን ሰለ ዝኾነ ከም መርኣያን መግለጽን ሓድነትና ቁጠባዊ ኣበርክቶኡ ዘዕዝዝ ብነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ነባሪ ከለንን ከባቢኣን ሓደ ሚእቲ ኦይሮ ንኽውፈ ብድምጺ ተሳተፍቲ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ከለንን ካባቢኣን ሓሊፉ። መንኢሰያት ከለን እውን ብዕለት 27.06.10 ኣብ ዘካየድዎ ኣኸባ ህዝባዊ መኸተ፡ ከም መርኣያን መግለጺን ሓድነት ነፍሲ ወከፍ መንእሰይ ሓምሳ ኦይሮ ንኽወፊ ተሰማሚዖም።*

*ኣብዚ ታሪኻዊ ጊዜዚ፡ ኣብ ጎድኒ ህዝብና ደው ኢልና መሰል ህዝብና ንምክልኻል፡ ግቡእና ንምፍጻምን ሓቢርና ንምስራሕን ቅሩባት ኰንና ንሰላምን ርግኣትን ከምእንቃለስ ቃል ንኣቱ፡ ኣብ መወዳእትኡ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቲ ከም ዝኸውን ንእሽቶ ጥርጣሬ እውን የብልናን፡ ብምባል ኣኼባ መኸትኦም ብዓወት ዛዚሞም።*

*ዓወት ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ!*

*ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል!*

*ክብርን ምጎስን ንሰውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሃገራዊያን ኤርትራዊያን ከለንን ከባቢኣን (26.06.2010)*

ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን